መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# እቲ ካብ እግዚኣብሄር ዝተላእከ ሰብኣይ



ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Byron Unger; Lazarus
Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ E. Frischbutter; Sarah S.

ትርጉም ፥ ሰላም ተወልደ

ኣባዛሒ:- Bible for Children
www.M1914.org

©2022 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ኣብ ዉሽጢ ናይ እግዚኣብሄር ቤት መቕደስ ሓደ
ዘካርያስ ዝብሃል  ካህን ይዓጥን ነበረ። ኣብ ደገ ድማ
ቡዙሓት ህዝቢ ይጽልዩ ነበሩ። ሃንደበት
ግን ዘካርያስ ፈርሐ።



መልኣኽ መጺኡ ድማ "ኣይትፍራሕ" በሎ።
"እግዚኣብሄር ኢዩ ሰዲድኒ፡ በዓልቲ ቤትካ ወዲ
ክትወሊድ ኢያ። ዮሃንስ
ኢልካ ድማ
ስመዮ።



ንሱ ኣብ ከብዲ ኣዲኡ ከሎ መንፈስ ቅዱስ ክመሎኦ ኢዩ። ንቡዙሓት ድማ ናብ ቤት ኣምላኽ ከምጽእ እዩ" በሎ።



"ዘካርያስ ተዛረበና እባ" እቶም ኣብ ደገ
ዝነበሩ ሰባት ብስንባደ በሉ። ገብሪኤል
መልኣክ ንዘካርያስ "ክሳዕ እቲ
ህጻን ዝዉለድ ኣይክትዛረብን
ኢኻ ከም ዝበሎ"
ኣይፈለጡን



ነበሩ::

እዚ ድማ ነቲ እግዚኣብሄር
ዝበሎ ቃል ስለ ዘይኣመነ
እዩ። ንሱ ሰበይተይ ኣረጋ እያ
ክትወልድ ኣይትክእልን እያ
ኢሉ ይሓስብ ነበረ።



ናብ ቤት ምስ ከደ ዘካርያስ ኩሉ እቲ መልኣኽ ዝበሎ
ኩሉ ብጽሕፈት ነገሮም። ኣልሳቤጥ ሰበይቱ
ድማ ተደነቀት። ንሳቶም ኩሉ ግዜ ቆልዓ
ክወሃቦም እዮም ዝጽልዩ ኔሮም። ሕጂ
ኸ ቆልዓ ይወልዱ
ዶ ይኾኑ?





ድሕሪ ውሑድ
መዓልታት ድማ
አልሳቤጥ ከም ዝጠነሰት
ፈለጠት። ንእግዚኣብሄር
ድማ ኣመስገነት።
ማርያም ጓል ሓትንኣ
ንኤልሳቤጥ ድማ
ክትበጽሓ መጸት።
ማርያም ውን ህጻን
ትጽበ ነበረት፡፡



ማርያም ናብ አልሳቤጥ ምስ በጸሐት
ድማ ኣብ ከርሲ አልሳቤጥ ዝነበረ ህጻን
ተሰራሰረ፡ መንፈስ ቅዱስ ድማ መለኣ።
እቲ ኣብ ከርሲ ማርያም
ዘሎ ህጻን የሱስ
ክርስቶስ እቲ ጎይታ
ሙኻኑ ትፈሊጥ
ነበረት። ክልትኤን
ድማ ሓቢረን ንጎይታ
ብሓጎስ ኣመስግንኦ።



ኤልሳቤጥ ድማ ከምቲ ተስፋ
እግዚኣብሄር ነቲ ህጻን
ወለደቶ። "ዘካርያስ ኢልና
ስም ነውጻኣሉ ልክዕ ከም ናይ
ኣቦኡ" በሉ እቶም ካህናት።

ዘካርያስ ግና እግዚኣብሄር ዝሃቦ ስም ዘኪሩ ነበረ። ኣይፋልን! የውሃንስ ኢና ንብሎ ድማ በሎም። ዘካርያስ ነቲ ስም ክጽሕፈሎም ከሎ ድማ ኣፉ ተኸፍተ። ንእግዚኣብሄር ድማ ኣመስገነ።





ዮሃንስ ክዓቢ ከሎ ድማ
ልክዕ ከም ኤልሳእ እቲ ዓቢ
ናይ ኣምላኽ ሰብ ኢዩ ኔሩ።
ዮሃንስ ድማ እቲ ዓቢ መሲህ
ኪባርኾም ይመጽእ ከም ዘሎ
ንቶም ህዝቢ ይነግሮም ነበረ።



ናይ ኣይሁድ መራሕቲ "ካብ ሓጢኣትኩም ተነስሑ" ይብሎም ስለ ዝነበረ ይጸልእዎ ነበሩ። ብዛዕባ ሓጢኣቶም ክሰምዑ ድማ ኣይደልዩን ነበሩ።

ካልኦት ግና ዮሃንስ መጥመቕ ኢሎም ይጽውዕዎ ነበሩ፡ ምኽንያቱ ንሰባት ካብ ሓጢኣቶም ዝተነስሑ ብማይ ይጥምቆም ስለ ዝነበረ። ሓደ መዓልቲ ግና የሱስ ናብ ዮሃንስ ክጥመቕ መጸ። "ኣነ እየ ብኣኻ ክጥመቕ ዝግብኣኒ" በሎ ዮሃንስ ንየሱስ፡ የሱስ ግና "ይኹን ደኣ ሕደጎ በሎ"፥



ድሕሪ የሱስ ምጥማቑ ድማ፡
ዮሃንስ መንፈስ ቅዱስ ከም
መልክዕ ርግቢት ኣብ
የሱስ ኪዓልብ ርአየ።
እዚ ናይ እግዚኣብሄር
ምልክት እዩ ኔሩ። ዮሃንስ
ድማ የሱስ ወዲ ኣምላኽ
ሙኻኑ ፈለጠ። ዮሃንስ
ድማ ንየሱስ እቲ
ሓጢኣት ዓለም ዘርሕቕ
ገንሸል እንሃለ በለ።



የዮሃንስ ድማ ንቡዙሓት ሰባት ናብ ጎይታ የምጽእ ነበረ። ግን ሄሮዲስ እቲ ጨካን መራሒ ንዮሃንስ ናብ



ቤት ማእሰርቲ ኣእተዎ።

"ንሰበይቲ ሓውኻ ከም ሰበይትኻ ገርካ ምውሳድ ሓጥያት እዩ" ስለ ዝበሎ እዩ ኔሩ። ሄረዶስ ግን ነቲ ሓቂ ይፈልጥ ኔሩ እዩ።



ዮሃንስ ጻድቅ ሰብኣይ፡ ካብ እግዚኣብሄር ከም ዝተላእኸ ይፈልጥ ኔሩ እዩ። ሓጥያት ካብ ምግባር ከቃርጽ ግን ኣይደለየን። ዮሃንስ ድማ ኣንጻር ሓጢኣት ምስባኽ ከቃርጽ ኣይክእልን እዩ ወላ፡ ናብ ቤት ማእሰርቲ ተኾነ።

ኣብ ዓመት ናይ ሄሮዶስ ድማ ዓቢ ጽንቢል ኮነ። ጓል ሄሮዶስ ድማ ንኽብሪ እቲ በዓል ሳዕሰዐት። እዚ ድማ ንሄሮዶስ ኣሐጎሶ። "ዝደለኽዮ ኣዚዚ" ክገብረልኪ እየ ድማ በላ። "ወላ ፍርቂ ንግስነተይ ተኾነ" ኢሉ ድማ ተመባጽዓላ።





"እንታይ ደኣ
ክእዝዝ እየ" እታ
ጓሉ ሓሰበት። እታ
ጨካን ኣዲኣ ግን
እንታይ ከም ትእዝዚ
ባዕለይ ክነግረኪ
እየ ድማ በለታ።
ንዮሃንስ ትጸልኦ ስለ
ዝነበረት ድማ ፡
ኣዝዩ ዘስካሕክሕ
ትእዛዝ  ነገረታ።

"ናይ ርእሲ ዮሃንስ ኣብ ፒያቲ ገርኩም ኣምጽኡለይ" ድማ በለቶ እታ ጓል ንሄረዶስ። በቲ ዝተማባጽዖ ኣዚዩ ተጠዓሰ ግና ዝገብሮ ኣይነበሮን። "ርእሲ ዮሃንስ ቆሪጽኩም ናብዚ ኣምጽኡለይ" ኢሉ ድማ ኣዘዘ ሄረዶስ። እቲ ወተሃደሩ ድማ ተኣዘዞ።



እንዳሓዘኑ ድማ ኣዕሩኽቲ ዮሃንስ

ነቲ ስግኡ ቀበሩዎ፡፡ ናይ ዮሃንስ

ስራሕ ንእግዚኣብሄር ግን

ኣየቃረጸን። ምናልባት

የሱስ ካብ ሓዘኖም

ከም ዘጸናንዕም

ፈሊጦም ኔሮም

ኢዮም።



እቲ ካብ እግዚኣብሄር ዝተላእከ ሰብኣይ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ማሪቆስ 6፡ ሉቃስ 1፡ ሉቃስ 3

“ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።” መዝሙር 119፣130

# መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ
መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቕረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
"ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣" ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3፡16